ቤት ፅሕፈት ዋና ኦዲተር ክልል ትግራይ ነቲ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ዝዉዕል ናይ መኪና መለዋወጢ ኣቅሑት : ፅሕፈት መሳርሒ: ናይ ፅሬት ኣቕሑትን ጋራዥን ጨረታ ኣወዳዲሩ ክገዝእ ስለዝደለየ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቆሒታት እተማልኡ ንክትጫረቱ ይዕድም

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ነሓሰ 25, 2010 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መስከረም 3, 2011 03:30 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መስከረም 3, 2011 04:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት ተሽከርከርቲ/ ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

1 ሕጋዊ ንግድ ፍቃድ ዘለዎን ናይ ዘመኑ ንግዲ ፍቃድ ዘሐደሰን

2 ናይ ግብሪ ከፋሊ መለለይ ቁፅሪ TIN No ዘለዎ

3 ኣብ መቅረብቲ ዝርዝር ዝተመዝገቡን መረዳእታ ፎቶ ኮፒ ገይሩ ኣታሒዙ ዘቅርብ

5 ንፅሕፈት መሳርሒ : ፅሬት ኣቅሑትን ግልጋሎት ጋራዥን ናይ ጨረታ መክበሪ ቢድ ቦንድ 3000 /ሰለስተ ሽሕ/ ንናይ መኪና መለዋወጢ ኣቅሑት ብር 6000 ብሽም ቤት ፅሕፈት ዋና ኦዲተር ብዝተረጋገፀ CPO ወይ ብጥረ ገንዘብ ንሕድሕድ ጨረታ ሰነድ ኣብ ጨረታ ዝክፈተሉ ዕለት ከትሕዝ ዝክእል

6 ናይ ጨረታ ሰነድ ካብ ቤት ፅሕፈትና ዋና ኦዲተር ክልል ትግራይ ደ/ክ/ስ/ዕ/ፋ/ን/ምም/ር ቢሮ ቁፅሪ 26 ዘይምለስ ብር 50 /ሓምሳ/ ብምክፋል ካብ ዕለት 24/12/2010 ክሳብ ዕለት 3/01/2011 ዓ/ም ሰዓት 3:00 ናይ ንጉሆ ኩሉ ግዜ ኣብ ስራሕ ሰዓት ምዉሳድ ይከኣል

7 እቲ ጨረታ ዕለት 3/01/2011 ዓ/ም ሰዓት 3:30 ናይ ንጉሆ ተዓሺጉ በቲ ዕለት በዓል ዋና ወይ ሕጋዊ ወኪል ኣብ ዘለዉሉ ልክዕ ሰዓት 4:00 ይኽፈት መቅረብቲ ብናይ ባዕሎም ድልየት ተዘይተረኪቦም እቲ ቤት ፅሕፈትና ጨረታ ፖስታ ንምክፋት መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

8 ናይ ቫት ተመዝጋቢ ዝኮነን ናይ ቀረባ እዋን ዲክለር ዝገበረሉ መረዳእታ ዘቅርብ

9 ብተጫረቲ ዋጋ ዝምላእ ካብ ቤት ፅሕፈትና ብዝተዉሃበ ሰነድ ጥራሕ ክከዉን ኣለዎ ካብዚ ወፃኢ ዘቅርብ ተቀባልነት የብሉን

10 ዝምላእ ሰነድ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ኣብ ሕድሕድ ሰነድ ገፅ ፊርማን ማህተምን በዓል ዋና ከህልዎ ይግባእ ብተወሳኺ ኣብ ፖስታ ማህተም ክህሉ ይግባእ ካብዚ ወፃኢ ዘቅርብ ተቀባልነት የብሉን

11 ናይ ተጫረቲ መልሲ መቅረቢ ናይ ዋጋ መምልኢ ሰነድ ብኦርጅናልን ኮፒን ነንበይኑ ብሽምዒ ዝተዓሸገ ኣብ ሕድሕድ ገፅ ፊርማን ማህተምን መቅረባይ ዘለዎ ኣብ ፖስታ ልዕሊ ብዓብይ ፅሒፉ ኮፒ ኦርጅናል ዝብል ዘለዎ ከፀሐፍ ይግባእ

11 ተጫራታይ ኣብቲ ዋጋ መምልኢ ሰነድ ዝመልኦ ነፀላ ዋጋ ምስ ቫቱ ደሚሩ ኣብ ሕድሕድ ዓይነት ንብረት ከቅምጥ ኣለዎ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 ተጫራታይ ኣብቲ ዋጋ መምልኢ ሰነድ ዝመልእ ነፀላ ዋጋ ምስ ቫቱ ደሚሩ ንሕድሕድ ዓይነት ንብረት ከቅምጥ አለዎ

13 ንግልጋሎት ጋራዥ እንሽጦም ሰነዳት ቴክኒካል ፋይናንሻል ዝግምግሙ ምካኖም ሰነድ ክገዝእ ዝክእል ከምእ እዉን ቴክኒካል ካብ 80% ፋይናንሻል ካብ 20% ምካኑ ክፈልጥ አለዎ ኣብዚ ዝወዳደሩ ደረጃ 4 ልዕሊኡን ክከዉን አለዎ

14 ቤት ፅሕፈና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ እቲ ጨረታ ብክፋል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንዝበለፀ ሐበሬታ ስቁ 0344401099

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle